# ቆልዓኹም ኣብ የማን መንበር ኮፍ ኢሉ'ዶ፧




## ንድሕሪት ወገን ዘሎ መንበር

- ንድሕሪት ዝጥምት መንበር መኪና ብሃንደበት ጠጠው ምስ ዝብል ወይ ኣብ እዋን ምግጫው ንቖልዓኹም ርእሲ፣ ክሳድ፣ ዓንዲ-ሕቔ ዝሓሸ ምክልኻል ይህብ።
- ቆልዓኹም ካብቲ ሕጻናት መንበር እንዳዓበየ ምስ ዝኸይድ ክብ ዝበለ ናይ ድሕሪት መንበር ዓድጉ።
- ቆልዓኹም ብመኪና ንምኻድ ዕድመኡ 2ተ, 3ተ ዋላ 4ተ ዓመት ክሳብ ዝኾኖ ኣብ ድሕሪት መንበር ኮፍ ምባሉ ዝሓሸን ኣዝዩ ውሑስነት ዘለዎን እዩ።
- እቲ መንበር ምስ ኣካሉ ዝሳማማዕ ክሳብ ዝኾነ ቆልዓኹም ኣብ ድሕሪት መንበር ኮፍ ኣብልዎ።

## ናይ ቅድሚት መንበር

- ብኣካል ዕብየት ምኽንያት ኣብ ድሕሪት ኮፍ ክብል ዘይካኣለ ቆልዓ ኣብ ንቕድሚት ዝጥምት መንበር ምኧኑ ካብ ሓደጋ ዚከላኸል እዩ።
- ቆልዓኹም ሚዛኑ ብውሕድ 18 ኪሎ (40 ፓውንድ) ክሳብ ዝኸውን ወይ ብትኽክል ኮፍ ምባል ክሳብ ዝኽእል ኣብ 5-ነጥቢ ልጓም መእሰሪ ኮፍ ኣብልዎ፤ ወይ እዚ 4ተ, 5ተ, ዋላ 6ተ ዓመት ክሳብ ዝኾኖ ዝጠቅም እዩ፡፡
- ቆልዓኹም ብዕድመ ድልዊ ቅድሚ ምኧኑ ካብቲ መንበር ዓቐን ንላዕሊ ዕብየት ኣካል ምስ ዘርእይ በቑመትን ክብደትን ዝምጥኖ በዓል 5ተ-ነጥቢ መእሰሪ ልጓም ዘለዎ መንበር የድልዮ።

## ክብ-ዝበለ መንበር

- ክብ-ዝበለ መንበር እቲ ቖልዓ ልዕል ኢሉ ኮፍ ንክብል ዘኽእልን፣ ናይ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት ዝጥቀሙሉ ናይ መኪና መዕጠቂ-መንበር በቲ ተሪር ኣዕጽምቱ ኣቢሉ ክሓልፍን ክእሰርን ዘኽእሎ'ዩ።
- ክብ-ዝበለ መንበር ንምጥቃም ናይ ቖልዓኹም ክብደት ብውሕድ 18 ኪሎ (40 ፓውንድ) ክኸውን ኣለዎ፡፡
- ቖልዓኹም ካብዚ ናብቲ ብዘይምንቅስቓስ ወይ ካብ መእሰሪ ልጓም መንበር ብዘይ ምውጻእ ትኽ ኢሉ ብቑመት ኮፍ ንምባል ዝኽእሎ ክኸውን ኣለዎ፣ ።
- ቖልዓኹም ብውሕድ 145 ሴንቲሜትር ቁመት (4 ጫማ ምስ 9 ኢንች) ክሳብ ዝኸውን ከምኡ'ውን ናት መንበር መዕጠቒ ብትኽኽክል ክሳብ ዝኣኽሎ ክብ-ዝበለ መንበር ኽጥቀም ኣለዎ።

## ኩሉሳዕ ብዛዕባ መንበር መኪና ቆልዓ ዝተዳለወ መምርሒ ተኸተሉ።



### ቖልዓኹም ናይ መኪና መዕጠቒ መንበር ብግቡእ ክጥቀም ይኽእል ዶ፧

- [ ] ቖልዓኹም ቑመቲ ብውሑድ 145 ሴንቲሜትር [4 ጫማ 9 ኢንች] ድዩ?
- [ ] ቖልዓኹም ኣብ ድሕሪት መንበር ኮፍ ክብል ከሎ ኣብራኹ ብምቹእ ኽዓጻጽፍ ይኽል ዶ፧
- [ ] እቲ ናይ ሰለፍ መዕጠቂ መንበር መኪና ትሕት ኢሉ ክሓልፍ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕኹልቲ ብዝርከቡ ኣእጽምቲ ኣብሉ ብምሕላፍ ክልጎም ይኽእል ዶ፧
- [ ] እቲ ናይ መንኩብ መዕጠቒ መንበር መኪና በኣፍልቢ ኣቢሉ ክሓልፍን ኣብ መንጎ ክሳድን መንኩብን ቖልዓኹም ክጸንሕን ይኽእል ዶ፧
- [ ] ኣብ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ጉዕዞ ቖልዓኹም ከይተማዛበለ ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ኮፍ ኪብል ይኽእል ዶ፧

**ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ መኪና ጉዕዞ እዘን 5ተ ስጉምቲታት ክሳብ ዘማልእ ንቖልዓኹም ክብ-ዝበለ መንበር ተጠቐሙ።**

ትሕቲ 13 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ቖልዑ ኣብ ድሕሪት መንበር ኮፍ ምባሎም ውሑስ እዩ።

**For more information:**

- Visit **ahs.ca/carseats**
- Call Health Link at 811
- Visit **healthyparentshealthychildren.ca** and search for "car seats"

CHILD SAFETY LINK Here for you.

*Adapted with permission*
*© Child Safety Link, IWK Health 2024*

105578 © (2024/04)